

## ንዝኽሪ ብጻይና ጅግና ኢዮብ ብስራት

ካብ ገብሪሂወት (ኣቡዓሸራ)

ንዝኽሪ ብጻይ ጀግና ኢዮብ ብስራት
ተሪር መርገጹ ኣብ ጎኒ ውጹዓት
ኢዱ ዘይ ይህብ ንመዝማዚ ስርዓት
ውሓለ ናይ ቃልሲ ዝመልኦ ንቅሓት
ንሽግር ጸበባ መዋጥር ትሰግር ብትብዓት

ኢዮብ ሓውና መሪሕ ናይ ውጹዓት ቃልሲ
እንትርፎ ፍቕሪ ፈጺሙ ዘይ ፈቱ ባእሲ
ምዩ እዛ ሞት ጨካን ፈጺማ ዘይ ተናሕሲ
ምስ ኳሕኮሔት መካላኸሊ ዘይ ብላ ፈውሲ

ብጻይ ኢዮብ ለጋሲ ምዕዶ ኣራሚ ንዝተጋገየ
ኣንታ መቃልስተይ ብጻየይ ሓውየ ሓወየ
ጻማ ቃልስኻ ከይ ራኣኻ ድርብ ወጽዓ'የ
ንቃለስ ግቡና ንግበር ክትብል ኣብ ኣኼባ'የ
ንሃገርን ህዝብን ዝብል ቁዱስ ዕላማኻ'የ
ብግጥሚ ይነብዓልካ ኣለኹ ጂግና ብጻየ'የ

ጽንዓት ይሃብኪ ይሃበና ሽማይነሽ ሓፍትና
ትርፊ የቡሉን ብሃዘን ገበታ እንተ ነባዕና
ክንመልሶ ኣይ ንክእልን ካብ ኩርስትስ ጎይታና
መንግስተ ሰማያት የዋርሶ ንበል እሳያ ዓቅምና

መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ንጅግና አዮብ ብጻይና
ጽንዓትን ኣኻእሎን ን ሽማይነሽ ሰይቲ ኢዮብ ሓፍትና
ጽንዓትን ኣኻሎን ንቤተ ሰቡን ናባላት ውድብናን
ካብ ገብሪሂወት (ኣቡዓሽራ)
ዕለት 25/12/2009+